## ☞ ቅድሚ ሃገራዊ ዋዕላ ሃገራዊ ንስሓ

ህዝቢ ኤርትራ ዘይሕለል ቃልሲ ኣካይዱ: ሃገራዊ ነጻነት ተጓናጺፉ ከብቅዕ: እቲ ተቓሊሱ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ግዝያዊ መንግስቲ ግና: ፖለቲካዊ ስልጣን ንህዝቢ ከመሓላልፈሉ ኣይከኣለን። ስለምንታይ? ነዚ ሕቶ'ዚ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ዝተፋላለየ መልሲ ክህበሉ'ኳ ዝኽእል እንተኾነ: ብሓጺሩ ግና ካብ'ቲ ብዙሓት ኤርትራውያን ዜጋታት ክምልስዎ ዝኽእሉ መልስታት ሓደ: ከም'ዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

## ☞ <u>መልሲ:</u>

ኢሰያስ ካብ'ቲ ብኢደወነኑ ዝሓዞ ስልጣን: ብማኣለያ ዘይብሉ ምስምሳትን ሻጣራታትን እናፈጠረ: ዕጭ-ሓንፈፍኩ! እምቢ ካብ'ዚ ሒዘዮ ዘሎኹ ስልጣን ኣይወርድን'የ! እናበለ ተሓሲሙ ከሎ: ብኣንጻሩ ግና ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ሰራዊት ኤርትራ: ከምኡ'ውን ተቓወምቲ ኢና ዝብሉ ውድባትን: "ኣይፋልካን ኤርትራ ብሕገ-ኣልቦ ካብ ትገዝኣ እንሆ ርብዒ ዘመን ተቓራሪቡ: ሎሚስ ንዓድኣ ውረድ ከይትዋረድ" ኢሉ ብውህደት ክምክቶ ስለዘይከኣለ'ዩ።

ብርግጽ ሎሚ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ: ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝነብር: ብሕድገትን ብውህደትን: <u>ብሃገራዊ ዋዕላ</u> መስርሕ ኣቢሉ: ኣብ ሓደ ጽላል ባይቶ ኣጽሊሉ: መኸተ ንኣንጻር ስልጣን ህዝቢ ገበቲ! መኸተ ንኣንጻር ህዝባዊ-ባይቶ ገዛእቲ! መኸተ ንኣንጻር ጸረ ህዝባዊ መንግስቲ! መኸተ ንኣንጻር ብዘይ ሕጊ ኣሰርቲ! መኸተ ንኣንጻር ኣፍ ህዝቢ ለጎምቲ! መኸተ ንኣንጻር ጸረ ትምህረቲ! ኢሉ ክምክተሉ ዝግደድ መድረኽ ኢና በጺሕና ዘሎና። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ግቡእን ሓላፍነትን ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ 'ዩ። ኮይኑ ግና እቲ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ሕገ-ኣልቦ ጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ.: ድኣ'ዩ ተጠርኒፉ ጸረ ፍትሕን ሰብኣዊ መሰልን ዝኾነ ግፍዕታት ዝፍጽም ዘሎ'ምበር: እቲ ዝበዝሐ ኣካል ህዝቢ ኤርትራን ሰራዊት ኤርትራን ግና ብራዕዲ እናነበረ: እቲ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ተቓዋሚ'የ ብሃሊ ድማ: ብህልኸን ብቕርሕንትትን ተዋሒጡ: ከይተጠርነፈ ይቕጽዝም ጥራይ ምህላው'ዩ።

እተን ብግብሪ-ዘይተሰነያን ተተጀሚረን ዝፈሻላን: ንህዝቢ ግዝያዊ ተስፋ ሂበን ቀልጢፈን ዝቕህማን: ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ጸሎቶም ዝኾና: "ተቓወምቲ ኢና ውድባት ፓርቲ ኢና" ብሃልቲ: ዝሓለፈ ጊጋታተን ኣሚነን ከይተናስሓ: "ዲክታቶር ፕረሲደንት ኢሰያስ ክልወጥ ስለዘለዎ! ሎሚ ሓቢርና ኣብ ኣዲስ ኣበባ "ምሕዝነት" ኣቚምና: ኣብ ሱዳን ከኣ "ኪዳን" መስሪትና: ትማሊ ከኣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ህዝባዊ ፓርቲ ኣዊጅና": እናበላ ብተደጋጊማ ካብ ዝዝምራ መዋእል ሓሊፉ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ገና "መስራቲ ኣዋጅን" ዕድመ ከይወሰደ: ኣፍራሲ ኣዋጅን ክሰምዕ ከሎ ፈንፊኑወን'ዩ። ብኸም'ዚ ተዋስኦ'ዚ ከኣ ክሳብ ሎሚ እንሆ ድሮ ርብዒ ዘመን ቀሪቡ። "ፕረሲደንት ኢሰያስ" ግና ንህዝብን ንሰውራን ኤርትራ ንዒቑ: ነቕዝ ሃገር ኮይኑ ሰጥ-ለበጥ ኣቢሉ ይገዝእ ኣሎ።

## ☞ ህሉው ሽግር ኤርትራ:

ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን: ምሕዝነት ቈሙ ተባሂሉ ከየስለጠ ኣብ ጽሑፍ ጥራይ ሰፊሩ ተሪፉ። ኪዳን'ውን ተመስሪቱ ተባሂሉ ከየውቀየ: ብልሕልሑ ኣሎኹ ጥራይ ይብል ኣሎ። ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝብን ሰራዊትን ከኣ: ብሰንኪ ሕጊ-ኣልቦ ጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ. ፍትሒ ሓሪሙዎ: ሰብኣዊ መሰሉ ተገፊፉ: ብስለላ ህ.ግ.ደ.ፍ. ርዒዱን: ፍኒሕኒሕ ከይበለ ኣስቂጡ ይግዝእ ኣሎ። ብዘይ ቀላዓለም እቲ ክውን ዝኾነ ሓቂ ክግለጽ ኣንተድኣ ኮይኑ ግና: ህዝቢ ኤርትራ በቲ ሕሱም መግዛእቲ ሕጊ-ኣልቦ ጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ. ገና ዝሳቐየሉ ዘሎ ኣውራ መኽንያት: እቲ ጸረ ህዝብን ዲሞክራስን ውሑድ ክነሱ ጥርኑፍ ስለዝኾነን፣ ብኣንጻሩ ከኣ እቲ ብዙሕን ደላይ ሰላምን ፍትሕን ዝኾነ: ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዘሎ ህዝቢ ስኣን ለባማት ኣለይቲ: ክሳብ ሎሚ ከይተጠርነፈ ተፋላልዩ ውሽጡ-ሕሩር ኮይኑ ባህርያዊ ሞት ይጽበ ስለዘሎ ጥራይ እዩ።

ሰለ'ዚ ነቲ ተጠርኒፉን ተወዲቡን ህዝቢ ዘሳቒ ዘሎ ሕጊ-ኣልቦ ጭፍራ ህ.ግ.ደ.ፍ.፣ ተፋላሊኻን ተሃላሊኽካን ሓባራዊ ራእዩን መደብ ዕዮን ዘይብልካ: "ምሕዝነት": "ኪዳን": "ብሔራዊ ሕቶ": "ዲሞክራስያዊ ወይ ህዝባዊ ፓርቲ" ዝብል ጭርሖታትን ኣስማትን ስለዝዘመርካ: ካብ ስልጣኑ ከተልግሶ ከምዘይክኣል ዝሓለፉ *19* ታሪኻዊ ምስክር'ዩ'ም። ብሓጺሩ እቲ ተቓወምቲ ሓይልታት ኢና ኣንበላ: ዝገብርኦ ዘለዋ "ቃልሲ" መውጽእ ቀቢጸ ተስፋ *(Frustration)* ኢለን ዝገብርኦ'ምበር: ንህዝቢ ኤርትራ ግና ካብ'ዛ ወሪዳቶ ዘላ ስቓይ ከገላግልኦ ከቶ ኣይከኣላን።

## ☞ እንታይ ድኣሞ ይገበር?

ኣብ'ዛ በጽሕናያ ዘሎና *2010* ዓመተ-ምሕረት: "ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ወርሒ ሓምለ: ኣብ ኣዲስ ኣበባ ክግበር'ዩ" እናተባህለ: ብዙሕ ምሽብሻብ ክግበር ይስማዕ ኣሎ። ነዚ ዝከታተሉ ሓይሎ ኣርሒቖም ዝጥምቱ ሰባት ድማ: "ገለዶ ሎሚ-ዘብንሲ ኢሰያስ ከልግስ ኮይኑ: "ኣፈርኩቡ" ከምዝተባህለ: "ሃገራዊ ዋዕላ" ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጽባሕ ወርሒ ሓምለ ክግበር'ዩ: ዝብሃል ዘሎ? ክብሉ ይስምዑ። ርግጽ'ዩ "ሃገራዊ ዋዕላ" ብግቡእ ተጸኒዑን: ኣብ መንጎ ተፋላልዮም ዝነብሩ ውድባት ሕድገታትን ንስሓታትን ተገይሩ ጥራይ እዩ ክካይድ ዝኽእል። እወ ከም ዜና ክስማዕ ከሎ: ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝነብር ዘሎ ህዝብን: ከምኡ'ውን ነቲ ብሃገሩን ብህዝቡን ዝግደስ: ኣብ ስደት ዝነብር ኤርትራዊ ዜጋን: ዘጸናንዕ "ብስራት" ክመስል ይኽእል'ዩ። እዚ ወፈሪ "ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ" ብሓቂ ብቅኑዕ ውደባን መጽናዕትን ዝተሰነየ ኮይኑ እንተድኣ ዝጕዓዝ ኣልዩ: ዓወት ከምዘምጽእ ጥርጥር የልቦን። እዚ ወፈሪ "ሃገራዊ ዋዕላ'ዚ" ካብ ኩለን ኣውራጃታት ኤርትራ ዝተዋጽኡን: ካብ ድሑር ውድባዊ ንቕጽና ነጻ ዝኾኑን: ወልፊ ስልጣን ዘይብሎም ሃገራውያን ዝሓቘፈ እንተድኣ ኮይኑ: እወ ክዕወት'ዩ። ምስተን ተፋላልየን ከለዋ ቍስለን ከየሕወያ: ንቃለስ ኣሎና ዝብላ ካብ 10 ንላዕሊ ዝቝጽረን ውድባት: ተላፊንካ'ዩ "ሃገራዊ ዋዕላ" መስሪትና ክብሃል እንተድኣ ኮይኑ ግን ፈሻሊ'ዩ። እንተድኣ ብድሕሪ'ዚ "ሃገራዊ ዋዕላ" ዝብል ወፍሪ'ዚ: ብዘይካ ህዝቢ ኤርትራ ባዕዳውያን ሓይልታትን: ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ሃልዮም ከኣ ኣይዕወትን'ዩ። ዕንክሊል ክብል ግን ክኣርግዩ: ነቶም ብተስፋ ዝጽበ'ዩ ገርህኛታት ከኣ ከእርጎም'ዩ።

እዚ ከይከውን እምብኣር: ብሃታ-ሃታ ዘይኮነስ: ረጊእካን ኣስተውዒልካን ዝሓለፈ ተመኩሮታት ገምጊምካን: ጽባሕ ዘይትጠዓሰሉ ግዝያዊን መሰጋገርን ሃገራዊ ዋዕላ ዝምስረተሉ ዓሚቕ መጽናዕትን ድልዱል ውደባን ክግበር ኣለዎ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ግና ካብ ሜዳ ጀሚሮም ሕማሞም ዘይተፈወሰ: እሞ ከኣ ህዝቦም ብሓደ ሕቡር ማፍያዊ ጭፍራ እናተሳቐየ ከሎ: ኢሰያስ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሮም ክሳብ ሎሚ ግርጭቶምን ህልኾምን ኣልዮም ሓደ ሕቡር ግዝያዊ ባይቶ ዘይመስረቱ: ካብ *10* ንላዕሊ ዝኾኑ ውድባት: ሎሚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኣኪብና "ሃገራዊ ዋዕላ" ስለዝመስረትና: መሰረታዊ ፍታሕ ህዝቢ ኤርትራ ክርከብ'ዩ ዝብሉ ኣንተድኣ ኮይኖም: እታ ብርኾታ እምኒ'ላታ ጥራይ እዩ።

## ☞ ተዓዘብቲ ወፍሪ "ሃገራዊ-ዋዕላኸ" እንታይ ይብሉ?

"ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እቶም "ዋላ ትንፈር በጊዕያ" ኢሎም ደድሕሪ ኪዳን ዝጕተቱ: ገርህኛታትን ኣመንትን ኤርትራውያን: "ኢሰያስ ንህዝብና የሳቕዮ ኣሎ: ምሕዝነት ግና ንኢሰያስ ክቕይር ዝቃለስ ዘሎ ተቓዋሚ ሓይሊ'ዩ። ካብ ኣዲስ ኣበባ ሓሊፉ ድኣ ኣበይ ኮይኑ'ዩ ክቃለስ? ንኪዳንን ነዚ ዝኸይድ ዘሎ ወፍሪ "ሃገራዊ ዋዕላ"ን ምቅዋም ግና: ንስልጣን ኢሰያስ ምንዋሕ ጥራይ እዩ" ክብሉ ይስምዑ።

እቶም ኣርሒቖም ዝጥምቱን: ተመክሮ ውድባት ኤርትራ ዘጽንዑን: ራእዩን ዓቕምን ሕቡእ ተልእኾን ውድባት ዝገምገሙን ለባማት ኤርትራውያን ድማ: "ኣዚ ኪዳን ዝብሃል ኣብ ነንሓድሕዱ ዘይሰማማዕ ውድብ: ሓባራዊ ስትራተጂን ራእዩን ግብሪን ዘይብሉ፣

ግንከኣ ጠጥዕሙ ኣስማት ኣናመረጸን ኣናቐያየረን: ትማሊ "ምሕዝነት" ሎሚ "ኪዳን" ጽባሕ "ዋዕላ" እንናበለ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓኪሉ: ንህዝቢ እናደናገረ ዝነብር እኽብካብ'ዩ" ይብሉ። እዞም ኣርሒቖም ዝጥምቱ ምኩራት ሃገራውያን: ቀጺሎም ርእይትኦም ክህቡ ከለው: "ብዝሓለፈ ይኣኽለኒ ብዝመጽእ ኣይትድገመኒ" ኢልካ: ካብ ተመክሮ ምሕዝነትን ኪዳንን ተሞኪርካ: ንሓሸውየ ውድባት ጕሒፍካ: ብመጽናዕቲ ውደባን ንቕሓትን ዝተሰነየ: ካብ ተጽዕኖን ጽልዋን ወያኔን ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ሓራ ዝኾነን: ኣብ'ቲ ጽባሕ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝትከል ሃገራዊ ዋዕላ ዘሰጋግር ጥርኑፍ ሃገራዊ ባይቶ መስሪትካ'ዩ: ኣብ ኤርትራ ለውጢ ክመጽእ ዝኽእል። ብዝተረፈ ኾምራ ገበናትን: ዘይተኣደነ ቅርሕንትታትን ንመዋእል ተሸኪሞም ዝጸንሑ "መራሕቲ ኢና" ብሃልቲ: ካብ ዝሓለፈ ጌጋታቶም ከይተናስሑ ብሃታ-ሃታ ዝግብሩዎ "ሃገራዊ ዋዕላ": ንስም ጥራይ ድኣንበር ፍረ ክህልዎ ኣይክእልን'ዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ እዚ ሎሚ "ሃገራዊ ዋዕላ" ኢልካ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ: ብድሕሪኡ ዝዝውሩዎ ባዕዳውያን ሓይልታት ከምዘለውን: ቅያር "ኪዳን" ወይ "ምሕዝነት" ኮይኑ: ስልጣን ገለ መራሕቲ ጕረባብቲ ሃገራትን: ስልጣን ኢሰያስን ዘናውሕ ጥራይ እዩ ክኸውን" ይብሉ። እቶም መጻኢ ዕድል ህዝቢ ኤርትራ: እንታይ ከምዝኸውን ዝተገንዘቡን ሃገራውያን: ክከዚ'ሎም ለበዋታትቶም ከመሓላልፉ ከለው:- ቀልዓለማዊ ቃልስን: ሳግላ ብላዕ ኣይትቕላዕን" ደቅ ኢሉ: ብሓዲሽ መንፈስን ብሓዲሽ ውደባን: ሓራ መሰጋገሪ ባይቶ ክምስረት መድረኹ ኣኺሉ ስለዝኾነ: ኵልና ደለይቲ ሰላምን ራህዋን ክንዕጠቐሉ ኣሎና" ይብሉ።

## ☞ ዕንክሊ "ምሕዝነት":

ድሕሪ ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ብ*1981* ዓ.ም. ንመሬት ሱዳን ምፍናው: ክሳብ *1999* ዓ.ም.: ድሮ *17* ዓመታት ሓሊፎም። ብ*1999* ዓ.ም. *18* ውድባት መምስ ቅርሕንተን: ብድፍኢት ብመርበብ ስለላ ዝተመስረተ: "ሰንዓ-ፎሩም" ዝብሃል: ኣባላቱ መንግስቲ ኢትዮጵያን: የመንን ሱዳንን ዝኾና: ባጀት ተቐሪቡልኩም ኣሎ: ንዑ ተኣኻኸቡ ስለዝተባህሉ: ንይምሰል ኣብ "ሓባራዊ ጽላል" ንጠርነፍ ኢሎም "ተሰማሚዖም": መስርሕ ሓድነት ክገብሩ ጀሚሮም። ድሕሪ 3 ዓመታት ውረድ ደይብ ከኣ ብ*2002* ዓ.ም. ሓባራዊ ቻርተር ሓንጺና "ምሕዝነት" ዝብሃል ውድብ መስሪትና ኢሎም ንህዝቢ ኣዊጆም። እቲ ቀንዲ ራእዩኦም ግና: ሓቢርና መሰጋገሪ መሪሕነት መሪጽና: ጽኑዕ ሓባራዊን ምእኩልን ስትራተጂ ሓንጺጽና: ንስርዓት ኣልቦ ኢሰያስ ካብ ስልጣኑ ነልግሶ ኣብ ክንዲ ዝኸውን: "ኣነ ክመርሕ" "ኣነ'ባ ክመርሕ" ትብል ዘይትኣርግ ወልፊ-ስልጣን ከም ራእዩ ወሲዶም: ንስልጣን ምቍርቛስ መሪጾም። ን3 ዓመታት ዝኣክል ድማ ዕንክሊል ክብሉ ጸኒሖም።

> ☞ <u>ኣስተብህል</u>:
>
> እዞም መራሕቲ ውድባት "ክንብርኾት ከይንብርኾት ኣብ ማይ ንብጻሕ" ኢሎም: ህርፋን ስልጣን ንህዝቢ ገዲፎም: ግዝያዊን መሰጋገሪን መሪሕነት መሪጾም: ሓባራዊ ስትራተጂን ኣውጺኦም: ክንዲ ሃገራዊን ህዝባዊን ዕማም ዝዓሙ: ብስልጣን ኣናተዋጠቱ ከሎው: ህዝቢ ኤርትራ ግና ዘራይ ስኢኑ ብሓለንጊ ህግደፍ ይድሰቕ ነይሩ።

## ☞ ዕንክሊ "ኪዳን":

እቲ ምሕዝነት ዝብሃል ስለዝተዳኸመ: ብ*2005* ዓ.ም. መራሕቲ ውድባት ኣባላት ምሕዝነት ዝነበሩን: ገለ ሓደስቲ ጕጅለን ኣብ ሱዳን ተኣኪቦም። እቲ ምሕዝነት ሓዲሽ ስምን ሓዲሽ መሪሕነትን መሪጹ: ብ"ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን" ዝብል ስም ከምዝጽዋዕ ተኣዊጁ። *(ኣብቲ እኼባ'ቲ ቀዳማይ ምኒስተር መንግስቲ ኢትዮጵያ: ኣቶ መለስ ዜናዊ ብኣካል ተረኺቦም ነይሮም።)* ድሕሪ ሓዲሽ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ምሕንጻጽ ከኣ: ኣዚ መሪሕነት ኪዳን ዝብሃል'ውን ኣብ ውሽጡ ስምምዕ ዘይብሉ ክነሱ: ግን ከኣ ከይተፈንጥሐ: ኤውሮጳን ኣሜሪካን ኣዲስ ኣበባን ካርቱምን እናተንቀሳቐሰ: ንክልተ ዓመታት ኣሎኹ ኣናበለ ጸንሐ። ብ*2007* ዓ.ም. ኣብ

ሓዲስ ኣበባ 2ይ ጉባኤ ንኽግበር ቈጸራ ተገብረ። ገና ጉባኤ ከይተገብረ ከሎ ድማ፡ እታ "ኣነ ክመርሕ" "ኣነ'ባ ክመርሕ" ትብል ዘይትኣርግ ወልፊ-ስልጣን፡ ከም ክትባራዕ ክትብል ተራእየት። ይኹን'ምበር ኵነታት ከምዚ'ሉ ከሎ፡ ብሳላቶም ሓቀኛታት ሃገራውያን መቃለሲ ቻርተር ምጽዳቑ፡ እቲ ጽቡቕ ሽነኹ'ውን ክከሓድ የብሉን። ካብኡ ቀጺሉ ብሰንኪ ሕቶ ስልጣን፡ ኪዳን ኣብ ክልተ (ብሎክ 1ን ብሎክ 2ን) ተገምዐ። ብኽም'ዚ ድማ ኣብ ነንሓድሕዱ እናተባላልዐ ንሓደ ዓመት ዝኣክል ጸንሐ።

በቶም ካብ "ኪዳን" ክወግሓሎም ዝጽበዩ ዝነበሩ ገርሀኛታት ዜጋታትን፡ ኵነታት ኪዳን ዘሰከፎምን ሃገራውያን፡ ብግዳም ኮይኖም ንኪዳን ክዕዘብዎ ስለዝጸንሑ፡ "ኣንታ ኣንታይ ጉዱ'ዩ"? ከምዚልካስ ክሓልፍ ድዩ"? ኣዚስ ኢሰያስ ዘዋፈሮም ሰለልቲ ኣብ ማኣከል ኪዳን ከምዘለው ዘረጋግጽ ተግባር'ዶ ኣይመስልን? ምናልባት ድኣ እቲ "ሰንዓ-ፎሩም" ዝኽፈሎም መሃያ፡ ንኽይቃለሱ መታን ክቃለሱ ተባሂሉ ከይከውን? "ካብ ንቅለስ ኣሎና ኣናበሉ ሞራልን ሓቦን ህዝቢ ዘውድቑ፡ ኣግሂዶም ዝቃለሰና ዘሎ ሓይሊ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ስለዝኾነ፡ ቃልሲ ጠጠው ኣቢልናዮ ኢና" ኢሎም፡ ኣብ ግላዊ ዋኒኖም ዘይዋፈሩ? ወዘተ…እናበለ ከማርርን ከዕዘምዝምን ተራእየ።

> ☞ **ኣስተብህል**:
>
> ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ሓሽውየ ዕንክሊል ኣናበሉ፡ "ፕረሲደንት" ኢሰያስ ድማ ዓገብ ዝብሎ ስለዘይብሉ፡ ኣብ ልዕሊ መስኪን ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ድላዩ ኣሽካዕላል ይጻወት።

ብዝሕ ዕንክሊል ድሕሪ ምባል፡ ብ2008 ዓ.ም. ኪዳን "ስሙ ቀይሩ ከም ቀደሙ ኮይኑ ክቃለስ፡ ኩለን ውድባት ድማ ኣስማት ክመርጻ ኣለወን ተባህለ። ካብኡ ብሃታ-ሃታ ኣባላት ኪዳንን ዝተፋላለዩ ወከልቲ ሲቪካዊ ማሕበራትን፡ ዓበይቲ ዓዲ ዝብሃሉን፡ ኣብ ዶብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘለው ወከልቲ ስደተኛታትን ዝካፈሉዎ ጉብኤ፡ ኣብ ሓዲሽ ኣበባ ክግበር ተወሰነ። እቲ ጉብኤ ድማ ኣብ ሓዲስ ኣበባ ብ2008 ዓ.ም. ተጋብኤ። ኣብዚ'ውን እታ ክሳብ ሎሚ ፈውሲ ዘይተረኽበላ ሕማም ስልጣን መጸት። እቶም ካብ ውድባት ነጻ ዝኾኑ፡ ካብ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ተዓዲሞም ኣብ ጉባኤ ተኻፊሎም ዝነበሩ ዜጋታት ከኣ በቲ ኵነታት ኣዝዮም ተገረሙ። ብድሕሪኡ ብመጠንቀቕታን ድፍኢትን ዕዱማት፡ መራሕቲ ኪዳን ተኸዊሎም ወዮ ወዘንፎ፥ ኣይገድፈኒ ኣይገድፎ ከምዝብሃል፡ ሓደስቲ መራሕቲ መሪጾም ጉባኤ ተደምደመ።

> ☞ **ኣስተብህል**:
> እቲ ቀንዲ ክሳብ ሎሚ ዘይተፈትሐ ግድል ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ሕቶ ስልጣን ድኣንበር ሽግርን ጸበባን ህዝቢ ኤርትራ ንምፍታሕ ኣይኮነን። እቲ ካልኣይ ግድል መብዛሕትኤን ውድባት ድማ፡ "ህዝቢ ኤርትራ ብናተይ መደብ ዕዮን ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ጥራይ ክመሓደር ኣለዎ" ዝብል'ዩ። እቲ ሳልሳይ ግድል ከኣ ኪዳን ይኹን ምሕዝነት ብመሰረቱ ካብ ራእዪ ህዝቢ ኤርትራ ተበጊሱ፡ ኣብ ተግባር ዝተሰረተ ዘይኮነስ፡ ብባጀት ባዕዳውያን ሃገራት ዝቑመ ምትእኽኻብ ስለዝኾነ'ዩ። ከም'ዚ ክብሃል ከሎ ግና ቅኑዓት ሃገራውያን ኣብ ኪዳን የለውን ማለት ኣይኮነን። እቶም ቅኑዓት ሃገራውያን ብሰለልቲ ይዕብለሉ ከምዘለው ግና፡ እቲ ጉዳይ እናተነጸረ ይኸይድ ኣሎ። "መርዓት ከይሓዛ ዓርኪ ሓዛ" ከምዝብሃል፡ ገና ጉዳይ ህዝቢ ከይተፈትሐ ኣብ ስልጣንን፡ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ዕንኪል ምባል፡ ጥዕና ዘለዎ ኣይኮነን፡ "እታ ብርኹታ ኣምኒ ኣላታ" ጥራይ እዩ ክብሃል ዝክኣል።

## ሃገራዊ-ዋዕላ

ዓደቦና ካብ ጥንቲ ጀሚሮም: ሕጊ ሓንጺጾምን ኣብ ስርዓተ-ሕጊ ተመርኵሶምን'ዮም: ብዋዕላ ኣቢሎም ምእኩል ባይቶ ኣቐሞም ክመሓደሩ ጸኒሖምና። ባይቶ መለለዪ ሓደ ፍትሓዊ ህዝቢ'ዩ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ሓጋጊ ኣካልን: ፈራዲ ኣካልን: ፈጻሚ ኣካልን (*Judikative Legislative Executive)* ዘይብሉ መንግስቲ'ዩ ዘሎ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብሃገራዊ-ባይቶ ዝተማእከለ ኤርትራዊ ፓርላመንታዊ መንግስቲ ከምዘየሎ: ንኹሎም "ተቓወምቲ ውድባት ኢና: ፓርትታት ኢና" ዝብሉ ኣዝዩ ብሩህ'ዩ። ስለ'ዚ ካብ ጌጋታትካን ሕሉፍ ተመክሮኻን ከይተናሳሕካን ካብ "ምሕዝነት" ኣብ "ኪዳን: ካብ "ኪዳን" ከኣ ኣብ "ሃገራዊ ዋዕላ": ኣናነጠርካ እትገብሮ ከይዲ: ዕድመ ስልጣን ኢሰያስ ምናውሕን: ዕምሪ ህዝቢ ኤርትራ ምሕጻርን ጥራይ እዩ። ንጕዳይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ተመርኵስካ ጥራይ እዩ ክፍታሕ ዝኽእል። በዚ ውድባት ዝኸድኦ ዘለዋ መንገዲ: ፍታሕ ክመጽእ ዝኽእል ነይሩ ኣንተዝኸውን: እንሆ ዳርጋ ርብዒ ዘመን ኮይኑ'ዩ። ከማኡ ስለዝኸነ ከኣ ነዚ ውድባት ዝኸዳኦ ዝጸንሓን ዘለዋን ከይዲ: ህዝቢ ኤርትራ በታ ዘላቶ ዓቕሚ ድሮ ፈሊጡዎስ ፈንፊንወን'ዩ'ውን።

እቲ ሽዑ እዋን ብሕቡራት መንግስታት ዝፍለጥ ዝነበረን: ግንከኣ በተን *4* ሓይላት መንግስታት ዝተዓብለለን "ባይቶ-ሕቡራት መንግስታት" ዝብሃል ከይተወሰነን: ህዝቢ ኤርትራ ብረፈረንዱም ከይተሓተን: ብዘይ ፍቶቱ ኣብ ትሕቲ ዘውዳዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተገዚኡ ክነብር ተበይኑ። እቲ ብይን'ቲ ድማ ብድፋኢትን ስዉር ውዲትን መንግስቲ ኣሜሪካ: ምስ ንጉስ ሃይለስላሴ ከምዝተወሰነ: ንብዙሕ ግዱስ ኤርትራዊ ብሩህ'ዩ። "ፈደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ" ዝብል ብይን: ብዘይ ውሳኔ ሕቡራት መንግስታት ዓንቀጽ *390* A (V) እዩ ተጋሂሱ። እቲ ሽዑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተወስደ ብይን ድማ ዘይፍትሓዊ ስለዝኾነ: ነዚ ብምቅዋም ቃልሲ ኤርትራ ከምዝተበገሰ: መራሕቲ ውድባት ኤርትራ ኣጸቢቖም ይፈልጡዎ'ዮም። ድሕሪ 40 ዓመታት ግና: ህዝቢ ኤርትራ ዘይሕለል ቃልሲ ኣካይዱ: ሃገራዊ ነጻነት ተጓናጺፉ ከብቅዕ: "ነዚ ክትጥሕና ዲኽን ትርህጻ" ኮይኑ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ <u>ኣኩብ ድምር ባዕዳዊ መግዛእቲ</u> ተገዚኡን ተጨቍኑን ክነብር ተገዲዱ። ነዚ'ውን መራሕቲ ውድባት ኤርትራ ኣጸቢቖም እናፈለጥዎ: ክፈትሑዎ ይትረፍሲ ጽልዋ ክገብሩሉ'ውን ኣይበቕዑን።

"ንኣድጊ ፈሪሖምስ ንጽዕነቱ ይሃርሙ" ከምዝብሃል: ነዚ ዝተማሳቐለ ሕቶ መሰል-ርእሰ-ውሳኔ ኤርትራ: ብዘይ ቀልዓለም ፍታሕ ክርከቦ ኣንተድኣ ኮይኑ ግና: ኣብ ኤርትራ ዝኸይድ ዘሎ ባርባራዊ መግዛእቲ: ዱብ ኢሉ ዝነጠበ ከምዘይኮነ: ኣንታይ ድኣ እቶም ፈደረሽን ዘፍረሱ ባዕዳውያን ሃገራት: ዝደለዩዎ ከምዝኾነ ግድነት ክእመነሉ ዝለዎ ክውንነት'ዩ። ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ክፈልጦ ዘለዎ ሓቂ ድማ: ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ጆግራፊካዊ ኣቀማምጣ ሃገሩ ከምዝኾነ'ዩ። ስለ'ዚ ካብ ብዙሕ ምጕያይ ክሳድ ምሓዝ ከምዝብሃል: ኣብ ወጻኢ ዝነብር ክፋል ህዝቢ ኤርትራ: ዝተናስሑን ውፉያትን ወራዙት ደቂ ሃገር ዘለዎ ኮሚተ መሰጋገሪ ግዝያዊ ባይቶ መስሪቱ: ወከልቲ ባይቶ ብቐጥታ ምስቶም ዓበይቲ መንግስታት ተራኺቦም: ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ህዝቢ ኤርትራ ክዛተዩ ግድነት ይኸውን። ሽዑ ነቲ ዓበይቲ መንግስታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ መዲቦሞ ዘለው ሕቡእ ምስጢርን መርገጽን ፈቲሽካ ምስትረጋገጸ: ዝወለደት ትውለድ ኢልካ ንህዝቢ ኤርትራ ኣግሂድካ ብዝርዝር ምእዋጅ። ብድሕሪኡ ህዝቢ ኤርትራ ዝሕሾ ይመርጽ። ነቲ ትኸዊሉን መዕለቢ ከይትረኽበሉን ዕንክሊል ዝብል ዘሎ ሕቶ ኤርትራ መተካእታ ክርከበሉ ይኽእል። ነቶም ብስለላን ሕቡእ ውዲትን ተመልሚሎን ብጕዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን እናሸቀጡ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ላሕ ዘብሉዎ ዘለው ባእታታት ክሸሑ ይኻሉ። እዚ ኣማራጺ ድማ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን መሎኮታዊ ፍታሕ ከምጽኣሉ ይኻል። ካብኡ ሓሊፉ "ሓባእ ቍስሉ: ሓባእ ፈውሱ" ከምዝብሃል: ነቲ ሕቡእ ምስጢር: ክሳብ ህዝብኻ ዝጸንት ከዊልካ: "ምሕዝነት መስሪተ: ንሱ ስለዝፈረሰ: ቃል ኪዳን ኣሲረ: ህዝባዊ ፓርቲ መስሪተ: ሎሚ ድማ ሃገራዊ ዋዕላ ክገብር'የ": ኣናበልካ ሓሸውየ ምባል: ንስኻውን

**ኣብ'ቲ ጥፍኣት ህዝቢ ኤርትራ ኢድ ምህላውካ ጥራይ እዩ ዘስምዕ። ስለዚ ቅድሚ ሃገራዊ ዋዕላ ሃገራዊ ንስሓ ገርካ: ዝሓለፈ ታሪኽን ተመኲሮን ኤርትራ ገምጊምካ: ግዝያዊ መሰጋገሪ ባይቶ ምቑምዩ: ንህዝቢ ኤርትራ <u>ኣልፋን ኦሜጋ ፍታሕ ከምጽኣሉ ዝኽእል።</u>**

**ብሓልዮት መርበብ ደቀባት ኤርትራ**
24 ሰነ 2010 ዓ.ም.